# ኣንታ ካንዲና ሞይትና ተቐቢርና!

ዝኾነ ይኹን ጉዳይ ንጽቡቕ ይኹን ንሕማቕ ኣብ መፈጸምትኡ ንኽበጽሕ ገለ እገደስቲ ረቛሒታት ወሰንቲ ኢዮም። ኣብዘን ዝሓለፋ ቅንያት ድማ ብዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ ነዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሽግር ንኽፈትሕ ያእዱ ናይ ነቢ ዝመስል መፍትሒታት የቕርብ ኣሎ። ዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ ብዛዕባ ሃገሩ ክሓስብን ዘሎ ሽግር ክፈትሕን ድምጹ ምስምዑ ዝምስገን'ዩ። ኣይኮነን'ዶ ዶክቶር ፍስሃጽዮን ኣብ ሃገርና ንዘሎ ጭቆናን ግፍዕን ወጻእተኛታት'ውን ከይተረፉ ካብ ዝዛረብሉ ነዊሕ እዋን ኮይኑ'ሎ። ንምዃኑ ዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ መን'ዩ? እቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎ ከም ዝሕብርዎ ዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ ንናጽነት ኤርትራ ዝካየድ ዝነበረ ቃልሲ ዝቃወም ዝነበረ ሰብ ኢዩ። እምነቱ ዓባይ ኢትዮጲያ ኢዩ ነይሩ። ወዲ ዕስራን ሳላሳን ዓመት ከሎ ሽግር ኤርትራ ምስ መሳትኡ ኮይኑ ክፈትሕ ዘይተበገሰን ዘይጎየየን ሕጂ ልዕሊ 60 ዓመት ምስ ሰገረ ዲዩ ኤርትራውነቱ ከረጋግጽ ዝደሊ ዘሎ? ብተወሳኺ እዚ ሰብ እዚ ናጽነት ኤርትራ ምስተረጋገጸ'ውን ምስቶም ነፍጠኛታት ኢትዮጲያውያን "መላእ ኣማራ" ዝብሉን "መድህን" ተሰሊፉን ዝልዓለ መሪሕነት ሒዙን ክሳብ 2000 ዓ.ም ይንቀሳቐስ ኢዩ ዝነበረ። ኣብ መወዳእታ ግን ኢትዮጲያውያን ስርሖም ስለዘይገድፉን ንሱ'ውን ከም ምክትል ኣቦ-መምበር ኮይኑ ዝመርሖ ዝነበረ ውድብ ብገንዘብ ምጥፍፋእ ከሲሱ ኣባሪርዎ። ውድብ መላእ ኣምሓራ ምስ ሰጎን ድማ'ዩ ኲቡር ዶክቶር ኤርትራውነቱ ተጋሂድሉ።

እዚ ታሪኽ'ዚ ዘለዎ ሰብ ነዚ ኩሉ ሓርበኛ ኤርትራዊ ክእክብ ኢሉ ምብጋሱ ነዞም ኣብ ነንሓድሕዶም እናተናቖቱ ዝነብሩ ዘለዉ መራሕቲ ውድባት ዓቢ ጸርፊ ኢዩ። ይሕመቑ ይንፍዑ ግን ኤርትራዊያን ኢዮም። ዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ ከምዚ ዝኣመሰለ ንዕቀት ኤርትራዊያን ብኮንፈረንስ መልክዕ ከንጸባርቕ ምኽኣሉ ናትና ናይቶም ኤርትራዊያን ደረት ዝሓለፎ ስንፍና ኢዩ። ኣንታ ካን ሞይትና ዲና ተቐቢርና!

ዶክቶር ፍስሃጽዮን መንግስቱ ከምኡ ክገብር ከሎ ነዚ ዘለናዮ ግዜ ሕንፍሽፍሽ ተበሊጹ ገለ እሉኽ ኣጀንዳ ከተግብር ኢሉ ጥራሕ ኢዩ። ኪንኡ ከይዱ'ውን ነዘን ውድባት ኣራኺቡ ሃየ ወረቓቕቲ ጺሒፉ እናበለ ብስም ጉዳይ ኤርትራ ምንጪ ዘይተእደነ ገንዘባዊ ረብሕኡ ክጥቀም ስለዝደለየ ጥራሕ ኢዩ። ምስ እዚ ዘሎ ሕመቕ ናይ ተቓውሞ ውድባት ድማ ብዙሓት ኤርትራዊያን ሃገራውያን ተስፋ ክገብርሉ ይኽእሉ ኢዮም። ምኽንያቱ ኤርትራውነትን ግርህነትን መኻይዲ ስለዝኾኑ። ግን ክኣ ኣገባቢጥካ ምሕሳብ ከድሊ ኢዩ። ኣብ ዝኾነ ተረኽቦ ሳዕቤናቱ ብዘየገድስ ክሳተፍ'የ

ምባል ሓደገይና ኢዩ። ዶክቶር ፍስሃጽዮን ክኣ ክእክብን ክዓርቕን ብቕዓት የብሉን ጥራይ ዘይኮነ ንዓና ንኤርትራዊያን ንሱ ክእክበና ጸርፊ ኢዩ። ካብ ንሱ ክእክበና ሓደ ካብዞም ናይ ቅንጅት መራሕቲ ክእክበና ኢየ ዝመርጽ፥ ምኽንያቱ እቲ ኢትዮጲያዊ ብንጹር ኣንጻር ናጽነትን ሉኡላውነትን ኤርትራ ከም ምዃኑ ስለዝፈልጥ ጸላኢየይ ምዃኑ ስለዘየሸግረኒ ኢዩ። ካባ ኤርትራውነት ብላዕሊ ተኸዲንካ ብትሕቲኡ ግን ባንዴራ ኢትዮጲያ ከዊልካ ኤርትራዊ ኢየ፥ ክዓርቐኩም ኢየ ኢልካ ምምጻእ ከምዚ ናይ ዶክቶር ፍስሃጽዮን ግን ኣንታ! ካን ሞይትና ዲና ተቐቢርና!

ኣነ ብ1981 ሻዕቢያ ምስ ወያነ ኮይና ካብ ሜዳ ኤርትራ ምስ ሰጎጎትና ጀሚረ ቃልሰይ ኣንጻር ሻዕቢያ ጠጠው ኣቢለ ኣይፈልጥን ሕጂ ግን ኣንቱም ሕማቓት ተጋደልቲ ጀብሃ ዝነበርኩም ደኹን ተጋደልቲ ሻዕቢያ እቲ ምእንቲ ናጽነት ደምኩም ክትክዕዉ ከለኹም ኣንጻርኩምን ደመኛኹምን ዝነበረ እንተ ኣኪብኩም ብወገነይ ካባኹም ኢሳያስ ይሕሽኒ። ኣንታ! ኣንታ ካን ሞይትና ዲና ካን ተቐቢርና?

ዓወት ንደሞክራሲያ!
ደበሳይ ባህልቢ
ማንቸስተር ዓባይ/ብሪጣንያ
03-06-2007